homes victoria

50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

**OFFICIAL**

ተቖማጦ
ጎደና 33 ኣልፍረድ/Alfred
ኖርዝ ሜልቦርን

ዝኸበርኩም ነበርቲ

ብዛዕባ ገስጋስ ናይ ሆምስ ቪክቶርያ ዓቢ ህንጻት ኣባይትን መደብ ዳግመ ምምዕባል ሰማይ ጠቀስ ደርብታትን ንምሕባር ኢና ንጽሕፈልኩም ዘለና።

ኣብዚ እዋን እቲ ዝስዕብ ደረጃ ናይቲ መደብ ኣብ 7 ሓደሽቲ ቦታታት ኣብ ምስራሕ ኣሎ። እዚ ሕጂ ኣብ 9 ወሰን ከተማ ንዝርከቡ ህሉውን መጸእን ተቐማጦ ዝበለጸ፡ ዉሑስ ከምኡ ድማ ኣዝዩ ምቑእ ኣባይቲ ነገስግስ ኣለና ማለት እዩ።

ምስቶም ኣብዚ ህንጻታት ዝነብሩ ተቐማጦ ኣዘውቲርና ንራኸብ ኣለና ካብ ሓምለ 2026 ክሳዕ ለካቲት 2028 ድማ ምስዞም ስድራቤታት እዚኣቶም ናብ ዘድልዮም ገዛ ንኽግዕዙ ንምሕጋዝ ብቐረባ ክንዓዪ ኢና።

## ሎምዓንቲ እንታይ ተኣውጁ ኣሎ፤

ሎምዓንቲ፣ ነቶም ተቐማጦ ብዛዕባ ዳግመ ምምዕባል ናይዞም ህንጻታት ተዛሪብናዮም፡

- ጎደና 25ን 27ን King/ኪንግ, Prahran/ፕራህራን
- ቀንዲ ጎደና 150 Victoria/ቪክቶርያ, Albert Park/ኣልበርት ፓርክ
- ጎደና 150 Inkerman/ኢንከርማን, St Kilda/ሴንት ኪልዳ
- ጎደና 159 Melrose/መልሮዝ, North Melbourne/ ኖርዝ መልበርን።
- ጎደና 29 Crown/ክራውን, Flemington/ፍሌሚንግተን
- ጎደና 94 Ormond/ኦርሞንድ, Kensington/ከንሲንግቶን

## ንምግዓዝኩም ምድጋፍ

ኣብዚ እዋን እዚ ንዓኻን ነቶም ኣብ ጎደና 33 ኣልፍረድAlfred, North Melbourne/ኖርዝ ሜልቦርን ዝርከቡ ሒደት ዝተረፉ ስድራቤታት ኣብ ናይ መወዳእታ ደረጃታት ምግዓዝ ንድግፈኩም ኣለና።

**ኣብዚ እዋን እዚ መንበሪ ህያብ ክትረክብ ትሓስብ እንተ ኣሊኻ** ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ነቲ ናይ ምግዓዝ ጕጅለ ብዛዕባ ውሳነኻ ከተማኽሮ ነተባብዓካ።

**ሓድሽ ገዛ እንተ ተዋሂቡካ** እሞ ከምኡ እንተ ዘይገበርካ ሕጂ ምሳና ትግዕዘሉ መዓልቲ ትውድእሉ ግዜ እዩ።

## ዘክሩ

**መሰላትኩም ኣይቅየርን እዩ።** እቲ ሓድሽ ገዛኹም ኣብ ትሕቲ ዓንቐጽ ሕጊ መንበሪ ክራይ ገዛ ተመሳሳሊ መሰላትን ዕቑባን ክህልዎ እዩ።

**ሓገዝ ምስ ምቕያርኩም።** ናይ ምውጻእ ሰራሕተኛታት ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ኣብ ምጥቕላልን ኣብ ምውጻእን ዝሕግዙ ክንውድብ ኢና፡ ከም ተሌፎን፡ ኢንተርነት፡ ጾስጣን ዝኣመሰለ መራኸቢታት ከነዳሉ ከምኡውን ንኹሉ ርትዓዊ ናይ ምግዓዝ ወጻኢታት ክንከፍል ኢና። ንዝኾነ ይኹን ዘይተደልየ ነገራት ኣብ ምውጋድ እውን ክንሕግዘኩም ኢና።

ብልቢ ናትኩም

**Simon Newport**
ዋና ፈጻሚ በዓል መዚ
ሆምስ ቪክቶርያ

28/01/2026